
ስብሓት ዘርአ

# መጽሓፍ ግብረ ሃዋርያት

### ቅዱስ ሉቃስ ከም ዝጸሓፎ - ፬ይ ቅጽል

## ህይወት ቅድስናን ምስፋሕ ወንጌልን ኣብ ይሁዳን ገሊላን ሰማርያን

### ግብ 8-12 (36 - 43 ድ.ል.ክ.)

**እንምልከቶ ዘሎና ጊዜ ካልኣይ መዋእል ናይቶም ቀዳሞት ክርስትያናት እዩ። በዥሪ ዛንትኡ፡ ናይ ሸውዓተ ዓመታት ኣቢሉ ዚኸውን ጸብጻብ፡ 36 - 43 ድ.ል.ክ.፡ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት፡ ካብ ምዕራፍ 8 ጀሚሩ ክሳዕ ምዕራፍ 12 ሰፊሩ ንረኽቦ። እዚ መልክዕ ህይወት ቅድስና ናይ እቶም ቀዳሞት ክርስትያናት፡ ከምኡ ድማ ዝፈጸምዎ ኣሳልጦ ናይ ምስፋሕ ወንጌል ይህበና።**

1. **ዘይድሃሉ፡ ዘይጐድሙ፡ ዝስስኑ ድኣ ኣመንቲ። ካብ የሩሳሌም ናብ ሰማርያ**

**ናይ'ዚ ታሪኻዊ መረድኢ ካብ ምዕራፍ 8 ዚጀምር ኣብ መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት ክንምልከቶ ንኽእል። እዚ ታሪኽ እዚ ብብርቱዕ ምህዳን ናይ ኣመንትን ብሞት እስጢፋኖስ ብዳርባ እምንን ጀሚሩ።**

> “ሳውል ድማ ንምቕታሉ ሰሚሩ ነበረ፡፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ነታ ኣብ የሩሳሌም ዘላ ማሕበር ብርቱዕ ምስጓጒ ኰነ፡፡ ብዘይ ሃዋርያት ከኣ ኵሎም ናብ ሃገር ይሁዳን ሰማርያን ተበተኑ፡፡ እግዚኣብሄር ዚፈርሁ ሰባት ድማ ንእስጢፋኖስ ቀበርዎ፡ ብርቱዕ ብኽያትውን በኸዩሉ፡፡ ሳውል (ዳሕራይ ሃዋርያ ጳውሎስ ዝኾነ) ግና ነታ ማሕበር የጥፍኣ፡ ናብ ኣባይቲ እናኣተወ ሰብኡትን ኣንስትን ስሒቡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ የእትዎም ነበረ፡፡ እቶም እተበተኑ ግና ቃል ወንጌል እናነገሩ ዞሩ” (ግብ 8፡1-4)።

**እዞም ኣመንቲ እዚኣቶምሲ፡ እናተ ሃድኑ ክነሶም ፍጹም ኣይተዳህሉን። እቲ ኣብ የሩሳሌም ጥራይ ተደሪቱ ዚወዓዋዕ ዚነበረ ወንጌል ድማ ከይተኾልፈ ናብ ካልኦት ከተማታት ናይ ይሁዳን ሰማርያን ኺዝርጋሕ ከኣለ። ኣመንቲ ኸኣ ኣብ ክንዲ ዚውሕዱ በርከቱ። እቲ ምብት ታኖም ብጸላእቲ መበርከቲኦም ኰነ። እቲ ኣብኦም ሓዲሩ ዝነበረ መንፈስ ቅዱስ ተባዓት፡ ዘይድሃሉ፡ መስለጥቲ፣ ንፉዓት፡ መስረትቲ ማሕበራት ኪኾኑ ደገፍዎም። ነቲ ወንጌል ከምዚ ገይሮም ዜስፍሕዎ፡ ዚሰረትዎ ኣብ ይሁዳን ሰማርያን ድማ ተራ ኣመንቲ ድኣ እምበር፡ ሃዋርያት ከም ዘይነበሩ ምእንቲ ክንምልከቶ ኸኣ እቲ ጽሑፍ፡**

> “እቶም ኣብ የሩሳሌም ዘለዉ ሃዋርያት ከኣ ሰማርያ ቓል ኣምላኽ ከም እተቐበለት ምስ ሰምዑ፡ ንጴጥሮስን ንዮሃንስን ሰደዱሎም” (ግብ 8፡14) **ይብል።**

**ሓደ ካብቶም ካብ የሩሳሌም ናብ ሰማርያ ዚሃደሙ ኣመንቲ እሞ፡ ወንጌል ዘበሰረ፣ ማሕበር ኣመንቲ ዚተኸለ፡ ፊሊጶስ እዩ።** “ፊልጶስ ከኣ ናብ ሓንቲ ኸተማ ሰማርያ ወሪዱ ክርስቶስ ሰበኸሎም” (ግብ 8፡2)።

እዚ ፊሊጶስ እዚ እዩ ነቲ ንንግደት ኢሉ መጺኡ ካብ የሩሳሌም ናብ ዓዱ ዚምለስ ዝነበረ ስሉብ ኢትዮጵያዊ ኣብ መገዲ ረኺቡዎስ፡ ወንጌል ድማ ዜበሰሮን ዜጠመቖን። እዚ ስሉብ ኢትዮጳያዊ እዚ ቀዳማይ ክርስትያን ናይ ኣፍሪቃ ምዃኑ እዩ (ግብ 8፡26-40)። እቲ ምንጪ ናይ እዚ ኹሉ ምስጢርሲ እንታይ እዩ? ምንጩ ምልኣት መንፈስ ቅዱስ እዩ። ነቶም ኣመንቲ ንፋዓት መበሰርቲ ወንጌል ኪኾኑ ድማ ኣኽኢሎም።

2. <u>ጳውሎስ ብኸመይ መገዲ ኣማኒ ኰነ? (ግብ 9)</u>።

ጳውሎስ ኣማኒ፡ ሃዋርያ ዝኾነ፡ ብመንፈስ ቅዱስ እተመልአ ድማ ዝኾነ ብኣርኣያ ናይ ሓደ ተራ ኣማኒ ዝነበረ፡ እስጢፋኖስ እዩ ክብሃል ይከኣል (ግብ 6፡8-15 7፡1-60)። እስጢፋኖስ ሓደ ካብቶም ሃዋርያት ኣይነበረን፡ ግናኸ ንጳውሎስ ኣማንን ሃዋርያን ክኸውን ዝተኸሎ ንሱ እዩ። "እምነትን መንፈስ ቅዱስን ዝመልአ፡ ... ጸጋን ሓይልን መሊእዎ ነበረ" (ግብ 6፡5ን 8ን)።

ጸላእቱ ብሕረት ነዲዶም ብዳርባ እምኒ እናጨፍጨፍዎ ከለዉ፡ እስጢፋኖስ ህይወቱ እናሓለፈት ከላ ስሊኦም ጸለየ።

> "ተምበርኪኹ ኸኣ ብዓብዪ ድምጺ፡ ጐይታይ፡ እዚ ሓጢኣት ኣዚ ኣይትሓዘሎም ኢሉ ጨደረ፡ እዚ ምስ በለውን ዓረፈ" (ግብ 7፡60)።

እቲ ምልኣት መንፈስ ቅዱስ ኣብ ህይወቱ፡ እስጢፋኖስ እምነት ዝመልኦ፡ ጸጋ ዝመልኦ፡ ሓይሊ ዝመልአ ክርስትያን ገይርዎ።

ነዚ ተሞክሮ ብጊዜ እኒ እስጢፋኖስን ፊሊጶስን ካልኦት ከምኡ ዝመሰሉን ኣመንቲ ኺጥርንፎ ከሎ ሉቃስ ውንጌላዊ ከምዚ ይብል፡

> "ከምኡ ኸኣ ነታ ኣብ ኵላ ይሁዳን ገሊላን ሰማርያን ዝነበረት ማሕበር ብዙሕ ሰላም ኰነላ፡ እናተሃንጸትን ብፍርሃት እግዚኣብሄር እናተመላለሰትን ብምርዳእ መንፈስ ቅዱስ እናዓበየትን ከደት" (ግብ 9፡31)

እምበኣር እቲ ዝዓበየ ምስጢር ናይ ቅዱስ ህይወት፡ እቲ ዝዓበየ ምስጢር ናይ ምዝርጋሕ ወንጌል፡ ገንዘብ ኣይኰነን፣ ፍልጠት ኣይኰነን፣ ክእለት ምምሓዳር ኣይኰነን፡ ዝና'ውን ኣይኰነን፤ ብዝሒ ሰዓብቲ ኸኣ ኣይኰነን፤ እዚ ኹልስ ካልኣዊ እዩ። እቲ ዝዓበየ ምስጢር ናይ ህይወት ቅድስናን ምስፋሕ ወንጌልን ግና ብመንፈስ ቅዱስ እተመልኡ ኣመንቲ ምዃን እዩ። ስለዚ ምህለላ ናይ ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ዳግማይ ጰንጠቆስጠ ልኣኽልና እንተ ዚኸውን።

3. ጣቢታ ኣብ ዮጴ (ግብ 9፡36-43)

እቲ ተመክሮ ምልኣት መንፈስ ቅዱስ ነቶም ኣመንቲ ቅዱሳትን መስለጥትን ከም ዚገብሮም፡ ሉቃስ ብዛንታ ናይ ፊሊጶስን ብጾቱን ገይሩ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት፡ ኣብ ምዕራፍ 8 ኣዘንቲዩዎ ይርከብ። ብምምሳስ ናይ ጳውሎስ ብእስጢፋኖስ ገይሩ ድማ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት ምዕራፍ 9 ነጺሩ ኣዘንቲዩዎ ኣሎ።

ብፍሉይ ኣገልግሎት ናይ ጣቢታ ገይሩ ኸኣ ፍሉይ መልክዕ ናይ'ቲ ህይወት ቅድስና ኼበርክት ከሎ ንርእዮ (ግብሪ ሃዋርያት 9፡36-43 ነንብቦ)።

ከም ብዓል እኒ ፊሊጶስ፡ እስጢፋኖስ፡ ወይ ጳውሎስ፡ እዛ ጣቢታ ሰባኺት፡ መምህር ወይ ወንጌላዊት ኣይነበረትን። ይኹን እምበር፡ ምልኣት መንፈስ ቅዱስ ኣብ ህይወታ ብኻልእ መገዲ፡ ብምስፋይ ክዳንን ብምልጋስን ተራእዩ። ከምኡ ኸኣ ብሓልዮት ተራእዩ። ብምርሃው እውን ተራእዩ።

ጣቢታ ምስ ሞተት፡ ሃዋርያ ጴጥሮስ ድማ ተጸዊዑ ምስ መጸ፡ "ኵላተን እተን መበለታት (ሰብኡተን ዝሞቱወን ኣንስቲ) ከኣ እናበኸያ፡ እቲ ጣቢታ ምሳታተን ከላ ዝገበረቶ ቐመውሽን ክዳውንትን እናኣርኣያኦ ከቢበናኦ ደው በላ፡፡"

እዘን ኣንስቲ እዚኣተንሲ፡ ብዘይ ዘረባ፡ 'ሳላ ጣቢታ ኢና ተኸዲንና፡ ማሚቐና፡ መልኪዕና' ኣይኰንናን ዝብላ ነይረን? ጣቢታ ህይወታን ሓልዮታን ኣብ ኵለን መበለታት ኣመንቲ ዘይርሳዕ ክርስትያናዊ ምስክር ሓዲጉ። እዚ ፍረ ናይ ብመንፈስ ቅዱስ እተመልአት ህይወት ጣቢታ እዩ።

4. ቆርኔሌዎስ -ጣልያናዊ ወተሃደር ሓለቓ ሚእቲ።

ታሪኽ ቆርኔሌዎስ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት 10፡1-48 ሰፊሩ ንረኽቦ። ሮማዊ ድኣ እምበር ኣይሁዳዊ ድማ ኣይነበረን። ስለ እተደፍኖም፡ እቶም ኣይሁድ ክርስትያናት፡ ከም እኒ ሃዋርያ ጴጥሮስ ከይተረፈ፡ እቲ በረኸት መንፈስ ቅዱስ ንኣይሁድ ጥራይ ዚመጸ እዩ መሲልዎም ነይሩ። ቆርኔሌዎስን ስድራ ቤቱን ኣመንቲ ኰይኖም ብመንፈስ ቅዱስ ከም እተመልኡ ምስ ረኣዩ ግና ጴጥሮስ ከምኡ እውን ካልኦት ክርስትያናት ብጾቱ ኣይሁዳውያን ገሪምዎም።

"... ኣብ ኣህዛብ ድማ ህያብ መንፈስ ቅዱስ ስለ ዝፈሰሰ ተገረሙ፡፡ ሽዑ ጴጥሮስ፡ እዚኣቶም ከማና መንፈስ ቅዱስ ካብ ተቐበሉስ፡ ከይጥመቑ ማይ ዚኽልክሎም ዚኽእል ደኣ መን እዩ፡ ኢሉ መለሰ" (ግብ 10፡45-47)።

ኣይሁድን ኣህዛብን (ሮማውያን) ማዕዶ-ማዕዶ ዚነብሩ፡ ዘይላገቡ፡ ዝፈናፈኑ ዚነብሩ ክልተ ዝተፈላለዩ ዓሌታት እዮም ነይሮም። እሞ፡ ምቕብባል ወራዙት ጥራይ ዘይኰነስ፡ ኣብዚ፡ ከም ማይን ጸባን ተሓዋዊሶም፡ ተሳንዮም፡ ኣሕዋት ኰይኖም እንርእዮም ድኣ እቲ ምስጢሩ እንታይ እዩ? ነዚ ሕቶ እዚ ሃዋርያ ጴጥሮስ ባዕሉ ምላሽ ይህበሉ፡ "እዚኣቶም ከማና መንፈስ ቅዱስ ካብ ተቐበሉስ"

እሞ፡ መንፈስ ቅዱስ ንኣመንቲ ኣብኦም ሓዲሩ፡ ኣብ መንጐኦም ተራእዩ ዘይፈልጥ ምቕብባል ሓድሕድ የሳውር።

5. ቅዶት ኣብ ጉባኤ (ግብ 11፡1-8)።

እቶም ኣብ የሩሳሌም ዝነበሩ መራሕቲ እቲ ማሕበር፡ ጉባኤ ጸዊዖም፡ ሃዋርያ ጴጥሮስ ዝመራሒኦም ንዝነበሩ ጕጅለ፡ ብዛዕባ ሓደ ዓቢ ጕዳይ ታባኢሶም ከሰስዎም። እቶም ነባሮ እቲ ጉባኤ ግና ከምቲ ዝነቐልዎ ብናህሪ ኣይተጋጨዉን፡ ኣይተገማምዑን። እኳ ድኣ ብዝያዳ ተጠርኒፎም ካብቲ ጉባኤ ተሰናበቱ። እዝስ ከመይ ኰይኑ እዩ?

ሃዋርያ ጴጥሮስ፡ ነቶም ዚኸሰስዎ ዘረባኡ ኪዓጹ ከሎ ከምዚ ይብሎም . . .

“... መንፈስ ቅዱስ፡ ከምቲ ቅድም ኣባና ዚወረደ፡ ኣባታቶም’ውን ወረደ:: ሽዑ ነቲ ዮሃንስ ብማይ ኣጥመቐ፡ ንስኻትኩም ግና ብመንፈስ ቅዱስ ክትጥመቑ ኢኹም፡ ዝበሎ ቓል ጐይታ ዘከርኩ:: እምብኣርሲ ኣምላኽ ከምቲ ንኣና ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ንዝኣመንና ዝሃበና፡ ማዕሬና ገይሩ ህያብ ካብ ዚህቦም፡ ኣነ ደኣ ንኣምላኽ ክኽልክሎ ዝኽእል እንታዋይ እየ? እዚ ምስ ሰምዑ ሃድኡ እሞ፡ እምብኣርሲ ኣምላኽ ነህዛብ ድማ ንህይወት ዚኸውን ንስሓ ሂብዎም፡ እናበሉ ንኣምላኽ ኣመስገኑ” (ግብ 11፡15-18)።

**እሞ፡ ብመንፈስ ቅዱስ ዚምርሑ፡ ብእኡ ዚእረሙ ጉባኤ ስለ ዝነበሩ፡ ተኣሪሞም፡ ተጠርኒፎም፡ ተማሳጊኖም፡ ከምኡ ድማ በሊሖም ተሰናበቱ።**

## 6. ዓወት ኣብ ልዕሊ ተጻባእቲ።

**ተባኢሶም ግምዕምዕ ከይብሉ ብምርዳእ መንፈስ ቅዱስ ተሓልዮም። እዚ ግና ካብቲ ብደገ ዚመጽእ ሕሰም ናይ ድያብሎስ ኣይከወሎምን።**

“በቲ ዘመንቲ ንጉስ ሄሮድስ ኣብ ሓያሎ ኻብታ ማሕበር ክፉእ ኪገብሮም ኢዱ ዘርግሐ:: ንያእቆብ ሓው ዮሃንስ ከኣ ኣሰየፎ:: እዚ ንኣይሁድ ባህ ከም ዘበሎም ምስ ረኣየ ድማ፡ ወሲኹ ንጴጥሮስ ሓዞ። ኸኣ ... ናብ ቤት ማእሰርቲ ኣኣተዎ” (ግብ 12፡1-3)።

**በዚእታት ኩሉ ግና እዞም ኣመንቲ ኺደሃሉ ኣይከኣሎን። ብኣንጻሩ፡ እቲ ጽሑፍ፡** “ቃል ኣምላኽ ከኣ እናዕበየን እናተዘርግሐን ከደ” **ይብል** (ግብ12፡1-3)።




እቶም ብቐሊሉ እንረኽቦ፡ ክረኽብዎ ዘይክእሉ ከም ዘለዉ ምናልባሽ ኣይንሓስበሉን ንኸውን። ዝሓለፈ እዋን ዝመጸት ሓንቲ ደብዳቤ ተንኪፋትኒ።

“ኣብ ልዕሊ እዛ መጽሓፍ ቅዱሰይ፡ ብዘይካ እታ መጽሄት ብስራት ካልእ ዚንበብ ኣብ ዝረኽበሉ ቦታ ኣይኮንኩን ዘሎኹ። ንሳ እኳ ኣብ ኢድ ብዙሓት ስለ እትበጽሕ፡ መጺኣ ምስ ተባህለ ድሕሪ ሰሙናት እያ እትበጽሓካ። ውስኽ ኣቢልኩም ንኽትሰዱልና ክእለት ንኺህልወኩም ንጽሊ ኣሎና።”

Be a SPONSOR for BESSERAT to reach
There are a number of subscribers from overseas including Africa, who cannot afford the subscription fee.
Be a part of the ministry. You will be glad for it does pay off, and most of all pleases the God.

**ብሩኽ 2009 ይግበረልና!**